ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

ፍራንክፉርት፡ ጀርመን

26 ጥቅምቲ 2019

ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2019

*ፓነል 2፡- ምብርባር ቍጠባ ኤርትራ*

## ቍጠባዊ ሜላ ናይ ስግግር

ኣምባ. ዓንደብርሃን ወልደ ጊዮርጊስ

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተሳተፍቲ፡-

ግደ ሓቂ፡ ምርጫይ፡ ነዛ ኣርእስቲ’ዚኣ ካልእ ፓነሊስት ንከቕርባ ኢዩ ነይሩ። ስለዘይሰለጠኒ ግን፡ እቲ ዕማም ኣባይ ወዲቑ፡ ንካልኣይ ግዜ ኣብ ቅድሜኹም መጺአ ኣለኹ። ክንዲ ዚኾነ፡ ኣረኣእያይ ብዛዕባ ***ቍጠባዊ ሜላ ናይ ስግግር*** ምሳኹም ከካፍል ኣዝየ ሕጉስ እየ።

መብዛሕትኡ ወግዓዊ ክልሰሓሳብ ብዛዕባ ቍጠባዊ ስግግር ብቐንዱ ምስ ስግግር ካብ ርእሰማላዊ ናብ ማሕበርነታዊ ወይ ድማ ካብ ማሕበርነታዊ ናብ ርእሰማላዊ ስርዓት ዚዛመድ ኢዩ። ባህርይ ቍጠባ ኤርትራ ግን ካብ ክልቲኡ ስርዓታት ፍልይ ዚበለ ኢዩ። ማለት፡ ርእሰማላዊ ኣይኰነ፡ ማሕበርነታዊ ኣይኰነ። ቀዋሚ መርሓ ወይ ኣላዪ መትከል የብሉ፡ መኣዝን ሜልኡ ኣይፍለጥ።

መቸስ፡ ምስዚ ኩነታት ናይ ኤርትራ ዚመዛዘን ተመኩሮ ምርካብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኢዩ። እቲ ዚቐረበ ተመሳሳልነት ዘለዎ እቲ ኣብ ካምቦድያ ኣብ ትሕቲ ኽመር ሩጅ ዚነበረ ኩነታት ኢዩ። ኽመር ሩጅ ስልጣን ምዝ ሓዙ፡ ነቲ ማሕበራዊ ስርዓት ንምሕዳስን ነቲ ሃገራዊ ቍጠባ ንምሕዋይን፡ ኣብ ሕርሻ ዚተመርኰሰን ብናኣሽቲ ዞባዊ ኢንዱስትሪታትን ኢደ-ጥበባትን ዚተደገፈን ልምዓታዊ ስትራተጂ ሓንጺጹ። እቲ ኣብ መንጎ ስርዓታት ኽመር ሩጅን ህግደፍን (ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን) ዚርአ ተመሳሳልነት፡ ነቲ ደቒሲ ኣተሓሕዛኦም ንህዝቢ፡ ምምሕባር ናይ ሕርሻ፡ ምህጋር ናይቲ ቀንዲ ቍጠባዊ ክፋላት፡ ምምቕራሕ መግቢ ብመቑነን፡ ኣዋጣሪ ሕጽረት ማይን ሓይሊ ኤለክትሪክን፡ ምግታእ ናጻ ምንቅስቓስ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ነብሰ-ተነጽሎ፡ ምምርሳሕን ዝምቡዕ ኣጠቓቕማን መትከላት ነብሰ-ምርኰሳን ነብሰ-እኹልነትን የጠቓልል።

ኣብ እዋን ሓርነት፡ ኤርትራ ዚተሓምሸሸ ቍጠባ፡ ዚዓነወ ትሕተ-ቅርጺ፡ ብኩናት ዚተሃሰየ ሕብረተሰብ ነይሩዋ። ይኹን’ምበር፡ ኤርትራ ሓያሎ ሃገራዊ ጸጋታት ነይሮማ ኢዮም። ግቡእ ኣመሓዳድራ ነይሩ እንተዚኸውን ድማ፡ ቍጠባና ብቕልጡፍ ንምዕባይ፡ ትሕተ-ቅርጽና ንምሕዳስ፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝብና ክብ ንምብልን ሰብኣዊ ኩነታት ኣብ ሃገርና ንምምሕያሽን ዓቢ ተኽእሎ ነይሩዎም። እቶም ጸጋታት ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልሉ፡-

(1) ስሙር፡ ብልሓተኛ፡ ህርኩት፡ ጻዕረኛ ህዝቢ፤

(2) ልዑል ዲሲፕሊን ዘለዎም፡ ኣብ ረመጽ ብረታዊ ቃልሲ ዚተብዑ፡ ሞያውን ተክኒካውን ክእለት ዚውንኑ ውፉያትን እሙናትን ካድራት፤

(3) ብርክት ዚበሉ ምሁራትን ሞያውያንን ኣብቲ ብስሙር ሓርበኝነት ዚልለ ዚነበረ ኤርትራዊ ዲያስፖራ፤

(4) ባዶ ሃገራዊ ዕዳ፤

(5) ዓቢ ዕቑር ሰናይ ድሌትን ፖለቲካዊ ርእሰማል ብሃገራዊ፡ ዞባውን ግሎባውን ደረጃታት፤

(6) ንኤርትራ ናብ ማእከል ኣገልግሎታትን መቐለስ ምግዕዓዝ ንግድን ንምቕያር ዘኽእል ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ፤

(7) እኹል ሕርሻዊ፡ ማዕድናውን ባሕራውን ጸጋታት፤

(8) ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ብዝያዳ ዚተጻፈፈን ዚደልደለን ልምዲ ናይ ርእሰ-ምርኰሳ፤

(9) ከምቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣንጻር'ቲ ኵሉ መሰናኽላት ዚተሓፍሰ ዓወት፡ ኣብ እዋን ሰላም ቅልጡፍ ልምዓት ንምምጻእ ናይ ምኽኣል ሓፈሻዊ ምትእምማንን ቈራጽነትን።

ከም መበገሲ፡ ነዞም ጸጋታት'ዚኦም ብዝያዳ ብምምዕባል ኣብ ግቡእ መዓላ ንምውዓል፣ ውሕሉልን ተስፋ ዚተነብረሉን ማክሮቍጠባዊ መቓንስራሕ ኣዋዲድና። ግዝኣተ ሕጊ ዚተክልን ንኣከያይዳ ናይቲ ቍጠባን ንስርሒታት ናይተን ቀንዲ ክፋላቱን ስርዓት ዘትሕዝን ተቈጻጻሪ ትካላት ምስ ንጹር፡ ብሕጊ ዚተወሰነ መዝነታቱ ኣቝምና። ሓደ ደረጃ መነባብሮ ክብ ንምባል፡ መቐረት ኰነ ውሑስ ህይወት ህዝቢ ኤርትራ ዘመሓይሽ ዓቐንን ዓይነትን ማሕበራዊ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ከቕርብ ዚኽእል፣ ምዕቡል፡ ተወዳዳሪን ብልጹግን ቍጠባ ኣብ ውሽጢ ክልተ-ዓሰርተ ዓመታት ንምህናጽ ዓሊምና ተበጊስና።

ይኹን'ምበር፡ ብርእየተ-ሕሉፍ፡ ማለት ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ምስ ዚርአ፡ ተሃሚልና ከም ዝነበርና ከም ሓቒቕ ማይ ንጹር ኢዩ። ብዙሕ ከይደንጎየ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ዚለዓለ መሪሕነት፡ ብሓደ ወገን፡ እቲ ላዕለዋይን ማእከላይን ጽፍሕታት ናይቲ ገዛኢ ግንባርን መንግስትን ድማ፡ በቲ ካልእ፡ ግጭት ናይ ረብሓታት፡ ኣረኣእያታትን ኣተሓሕዛ ጕዳያትን ተቐልቂሉ። እቲ ዕላማ ናይ ቅልጡፍ ቀጻሊ ምዕባለ ኪምህምን ጀሚሩ። እቲ ዚለዓለ ኣካል፡ ተቐያያሪ መምርሒታት ብምውጻእን ዘራጊ ተግባራት ብምፍጻምን፡ ንትካላት ኰነ ንትካላዊ ሕግን ሕጋጋትን ዘዳኽም፡ ብርኡይ ንውልቀ-ረብሓኡ ዘገልግል ተጻብኦ ኣግሂዱ። እዚ ኣሰራርሓ'ዚ ድማ፡ ነዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ እንርእዮ ዘለና ምህሙን ትካላት ወሊዱ።

ብሓጺሩ፡ ኣከያይዳ ናይቲ ቍጠባ ብማክሮ ደረጃ ኰነ ስርሒታትቱ ብማይክሮ ደረጃ፡ ብፕረዚደንታዊ ትእዛዝን ምትእትታውን ብቐጻሊ ኪዝረግ ጸኒሑን ኣሎን። እቲ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣብ ግምት ዘየእቱ፡ ብሃውራዊ ዊንታ ዚድፋእ ተቐያያሪ ውሳኔታትን ኢደወነናዊ ስጉምቲታትን ሳዕሪሩ። ከም ውጽኢት ድማ፡ ቍጠባ ኤርትራ፡ ብፍላይ ካብ 2000 ኣትሒዙ ብፍጥነት ኣንቈልቍሉ ባይታ ዘቢጡ። እቲ ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቍጽጽር ንምትራር ዚዓለመ ናይ ኵፖን ቍጠባ፡ ዕቤት ከርኢ ወይ ብልጽግና ከምጽእሲ ይትረፍ፡ ነቲ መሰረታዊ ጠለባት መነባብሮ ህዝቢ'ውን ከማልእ ኣይከኣለን። ፍጹም ዕንወት ናይቲ ቍጠባ ኣብ ህዝቢ ክቱር ድኽነትን ሕሰምን ኣውሪዱ።

ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዚኣመሰለ ኵነታት፡ ብዛዕባ ቍጠባዊ ሜላ ናይ ስግግር ኣብ ኤርትራ ክንዛረብ እንከሎና፡ ብመሰረቱ፡ ሓድሽ ቍጠባዊ ሜላዊ መጽወር ወይ ድማ፡ ፖለቲካዊ ቍጠባ ናይ ለውጢ ማለትና ኢዩ። ከም ኣምር መጠን፡ እቲ ኣረጊት ስርዓት ተቐይሩ ብሓደ ሓድሽ ስርዓት ኣብ ዚትከኣሉ እዋን ዚተኣታቶ ሓድሽ መደብ ወይ ፕሮግራም ናይ ቍጠባዊ ሕውየት ኢዩ። ብሓቂ ድማ፡ ብመሰረት ናይ ኣቐዲሙ ዚስራዕ ቀዳምነታት፡ ነቲ ኣዝዩ ህጹጽ ጠለባት ናይ ሕብረተሰብን ሃገርን ንምምላእ ዚዓለመ ቍጠባ ናይ ህጹጽ ኵነታት ኢዩ። ምትእትታው መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኣቀዋውማ ናይቲ ስርዓት ጥራይ ዘይኰነ፤ እንተላይ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ፖለቲካውን ቍጠባውን ምሕደራ፣ ኣብ ኣሰራርዓ፡ ቅርጽን ኣመሓዳድራን ናይተን ፖለቲካውን ቍጠባውን ትካላት፣ ኣብ መዝነታት ብሕታውን መንግስታውን ጽላታት፣ ኣብ ተገባብሮ ናይ ሓይልታት ማእቶትን ዝምድናታት ማእቶትን የጠቓልል።

ሓርፋፍ ምንጽጻር ተዛማዲ ኩነት ሃገራዊ ጸጋታትና ኣብ 1991ን 2019ን፡ ሎሚ ድሕሪ 28 ዓመታት፡ ኣብ ዚኸፍአ ኩነታት ከም ዘለና የመልክት። ንዕቤት ናይቶም ዚጽበዩና ዕማማት ንምሕባር ዚኣክል፡ እስከ ኣሕጽር ኣቢልና ንህሉው ኩነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገራዊ ጸጋ ንገምግም።

(1) ህዝብናን መንእሰያትናን እቲ ካብ ኩሉ ዚዓበየ ሃገራዊ ጸጋና ኢዮም። ንሳቶም ብብዝሒ ካብታ ሃገር ኪሃድሙ ተገዲዶሞ ኣለዉ። መብዛሕትኡ እቲ ሞያውን ዋኒንተኛውን ላህመት ካብታ ሃገር ወጻኢ ይርከብ። እቲ ቅሙጥ ሃብቲ ዘቤታዊ ሰብኣዊ ርእሰማልና ብጠንቂ ጨካን ፖለቲካዊ መድቈስቲ፡ ጃምላዊ ስደት ኰነ ስእነት ግቡእ ትምህርቲ፡ ሞያዊ ስልጠና፡ ኣፍራዪ ሸቕለት፡ ወዘተ.፡ ብኣዝዩ ዓቢ ዓቐን ጐዲሉ።

(2) ዓቢ ቍጽሪ ናይቶም ኣብ ረመጽ ብረታዊ ቃልሲ ዚተብዑ፡ ልዑል ዲሲፕሊን ዚውንኑ ገዳይም ሞያዊ፡ ተክኒካውን ክኢላውን ካድራት ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ኣብ ስደት፡ ኣብ ድስካለ ወይ ኣብ መቓብር ኣለዉ።

(3) እቶም ብተዛማዲ ጽቡቕ ዚተማህሩ፡ ጽቡቕ ዚሰልጠኑ፡ ዚሓሸ ጸጋታት ዚውንኑ ሞያውያንና ኣብ ዳያስፖራ፡ ሎሚ ኣብ ዓሚቍ ጓሂ ተሸሚሞም፡ ተመቓቒሎምን ተጐዳጒሎምን፡ ክንደየናይ ብኸምቲ ናይ 1991 ብብዝሒ ናብ መበቈላዊ ሃገሮም ከምይምለሱ።

(4) ሃገራዊ ዕዳና ሎሚ ኣዝዩ ብዙሕን ኪጽወር ዘጸግምን ኢዩ።

(5) እቲ ብሃገራዊ፡ ዞባውን ግሎባውን ደረጃታት ዝነበረና ዓቢ ዕቑር ሰናይ ድሌትን ፖለቲካዊ ርእሰማልን ጠፊኡ፡ ኣብ ቦትኡ ሎሚ ጓህን ተነጽሎን ተተኪኡ።

(6) ኤርትራ ነቲ ስትራተጅያዊ ኣቀማምጣኣ ዚህባ ብልጫ ማእከል ኣገልግሎታትን መቐለስ ምጕዕዓዝ ንግድን ንምኽኣን ኪትጥቀመሉ ኣይከኣለትን። ወደባታ ናብ ምትሃተ ከተማታት ተቐይረን ይርከባ።

(7) ሕርሻዊ ባሕራውን ጸጋታት ገና ከይምዕበለ ተሪፉ፣ እትዋት ናይቲ ዚጕሕጓሕ ዘሎ ማዕድናታ ኣብ ወጻኢ፡ ኣብ ብሕታዊ ባንካዊ ሕሳባት ውልቀሰባት ይቕመጥ ኣሎ።

(8) ነቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ጽቡቕ ዘገልገለናን ንክንዕወት ዘኽኣለናን ቅኑዕ ኣተገባብራ መትከል ርእሰ-ምርኰሳ፡ ቅኑዕ ትርጕሙ ብምዝንባዕ፡ ንዘሕዝን ውጽኢት ፍሽለትን ዝሩግ ኣመሓዳድራን ናይቲ ስርዓት ንምጕልባብ ብሕማቕ ኪጥቀመሉ ጸኒሑን ኣሎን።

(9) ጨካን መድቈስቲ፣ ጽልሙት ኩነታት ዓዲ፣ ትራጀዲ፡ ሕስረትን ዘይተኣደነ ስቓይን ናይቶም ኣብ ወጻኢ ዕቍባ ዘናድዩ ኤርትራውያን፣ ወዘተ.፣ ነቲ ልሙድ ርእሰ-ምትእምማንን ትስፉውነትን ህዝብና ኣዝዩ ኣዳኺሙዎ ይርከብ።

ኣብ ከምዚ ውሁብ ኩነታት'ዚ፡ እንታይ ይገበር፧ እቲ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ኰነ ኩሎም ሓርበኛታት ኤርትራውያን፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ነዚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ሰፊኑ ዘሎ ጸልማት ክዉንነት ናይ ድኽነትን ስእነትን ናብ ብሩህ መጻኢ ናይ ሃብትን ራህዋን ንምቕያር ብውህደት ኪሰርሑ ይግባእ። እቲ ሓድሽ ቍጠባዊ ሜላ ናይ ስግግር ነቶም ኣዝዮም ህጹጻት ጠለባት ናይ ህዝቢ ንምምላእ፡ ሸቕለት ንምፍጣር፡ ሃብቲ ንምፍራይ፡ ሰረት ናይ ቀጻሊ ልምዓት ንምንጻፍ ኪዕልም ኣለዎ። እቲ ፕሮግራም ሓድሽ ቍጠባዊ ሜላ፡ ብውሑዱ፡ ነዞም ዚስዕቡ ስጕምትታት ዚሓቍፍ ይኸውን፡-

1. ቅጽበታዊ ተሃድሶ፡ ዳግመ-ሕውየትን ቀጻሊ ድንፋዐን ናይቶም ትሽዓተ (9) ቀንዲ ሃገራዊ ጸጋታት፣ ንዐኦም ኣብ ግቡእ መዓላ ብምጥቃም፡ ቅልጡፍ ቍጠባዊ ሕውየት፡ ቀጻሊ ልምዓት፡ ምምሕያሽ ደረጃን ዓይነትን መነባብሮ ህዝቢ ምድራኽ።
2. ህጹጽ ተሃድሶ ስርዓታት ቀረብ ማይን ሓይሊ መብራህትን።

3. ኣድለይቲ መድሃኒታት ንምቕራብ፡ ምሉእ ዕረያ ኣገልግሎት ሓለዋ ጥዕና ንምግባር፡ ክንክን ጥዕና ንምምሕያሽን ንምስፋሕን ቅጽበታዊ ስጕምቲ ምውሳድ።

4. እኹል ቀረብ ኣድለይቲ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን፡ ብፍላይ ቀረብ መግቢ፡ ማይ፡ መድሃኒትን ሓይሊ መብራህትን ዘረጋግጽ፣ ዘቤታዊ ዕዳጋ ዘረጋግእ፡ ቅጽበታዊ ስጕምቲ (supply side and demand side intervention) ምውሳድ፤ እኹል ቀረብ ኣብ ምርግጋጽ፡ ሓውሲ-መንግስታዊ ኩባንያታት ህግደፍ ምውፋር፡ ኤርትራውያን ዋኒንተኛታት ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ምስታፍ፡ ህጹጽ ረድኤት ምንዳይ፡ ወዘተ.።

5. ቅልጡፍ ተሃድሶ ፋይናንስያዊ ጽላት፡- መዝነት ባንክ ኤርትራ ምስ ምሉእ ስልጣን ኣብ ገንዘባዊ ሜላ፡ ምሕደራ ወጻኢ ሸርፍን ዕቑር ወጻኢ ሸርፍን፡ ቍጽጽር ፋይናንስያዊ ጽላት፡ ግቡእ ተራ ኣብ ፋይናንስያዊ ሜላ፡ ወዘተ.፡ ምምላስ።

6. ቅጽበታዊ ምጅማር ህንጸት ኣባይትን ምብጋስ መጠነ-ንኡስ ኣመስራሕቲ ኢንዳስትሪታትን፤ ኣብ ዘቤታዊ ፍርያት ጥረ ነገራት ክብሪ ንምውሳኽ፣ ኣዋጣሪ ሕጽረታት ንምፍታሕ፣ ሸቐለት ንምፍጣር፣ ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ክብ ንምባል።

7. ቅልጡፍ ተሃድሶ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ኵሉ ጽፍሕታት፡ ብፍላይ ኣብ ደረጃ ዩኒቨርሲትን ተክኒካውን ሞያውን ትካላት ስልጠናን ብምስልሳል፣ ሰብኣዊ ርእሰማል ምድንፋዕ፡ ሃገር ምልማዕ፡ ደረጃን ዓይነትን ኣነባብራ ህዝቢ ምምሕያሽ።

እቲ ዝርዝር ኪውስኽ ይኽእል ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ እዘን ቀንዲ ስጕምቲታት እዚአን ኣድለይቲ ባእታታት ናይ ሓደ ዕዉት ስግግር ዘቕመጣ ኢየን። ብጥንቃቐን ብውሕልነትን እንተተወሲደን ድማ፡ እዘን ስጕምቲታት እዚአን ተመላላእን ንሓድሕድ ዘሐይልን መሰረት ናይ መስርሕ ምጥያስ ክቱባት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ምምላስ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም፡ ቀጻልን ሓቓፍን ልምዓት ሃገራዊ ቍጠባ፡ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢ ከንጽፉ ከም ዚኽእላ እተኣማመን።

ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኩምኒ ኣመስግን።